# መኸትና ካብ ዕትብቲ !




*መኸተ ንህላወና ፡ ካብት ጥንቲ ብጥቅምቲ*
*ዕርፍቲ'ኳ ዘየብህገና ፡ ለይቲ ይኹን መዓልቲ*
*ዓንገልቲ ኣይንሓትት ፡ መሲላን ኣሳሰይቲ*
*ብጽንዓት ዝመከትና ፡ ካብ ዕትብቲ ፡*

*ለካቲት 22 ፡ ንመጸኪ ኣለና*
*ወድና ይኹን ጓልና*
*ዝናር ኤርትራዊ ፡ ትዓጢቕና*
*ዕድልኪ በጸሑ ፡ ክትምዝገቢ ኣብ ታሪኽና*

*ኣንታ እዚ ኤርትራዊ ክፍተወካ*
*ተበገስ ከይበልካዮ ፡ ትዓጢቑ ዝጸንሓካ !*

*ኣብ ውሽጢ ዘሎ ብስምሪ*
*ኣብደገ ዘሎ ብስምሪ*
*ኩሉ ዓጢቑ ፡ ዝናር ፍቕሪ*
*ሓይኹ ክብትኖ ፡ ነቲ መደናገሪ ፡*

*ያኢ ትሓንጢጡ ፡ ክዘርጉ ሓድነትና*
*ጉጅም ብጸልማት ፡ ዘየትክሉ ኣብቅድሜና*
*ነዛ ሓድጊ ሰማእቲ ፡ ምጭውቲ ሃገርና*
*ወትሩ ድሉዋት ኣለና ፡ ካም ቀደምና ፡*

*ተባሂሉ እኮ'ዩ ፡ ሓደ'ዩ ዝልብና*
*ወስታና ብማዕረ ፡ ሓደ ረምታና*
*22 ለካቲት ፡ ንመጸኪ ኣለና*
*ንሓንካሪ ፡ ክንቀቕሮ ፡ ኣብ መንፈትና ፡*

*ኤርትራዊ ፡ ንቐል ከይበልካዮ ዝነቐለ*
*ንመሰሉ ፡ ብጊሓቱ ዝመከተ*
*ብዘይካ እቲ ርሙስ ፡ ብደዉ ዝሞተ*
*ጠባይ ኣኽፊኡ ፡ ኣብ ብዓቲ ዝሓከለ ፡*

*ሎሚ ዘይመከተ ፡ ብደዉ ከምዝሞተ*
*ኣይጎምድን ጎጎ ፡ ዘይሓረሰ ዘይመሓሰ*
*ግርማ ኣይለብስን ፡ ንህላወኡ ዘይመከተ*
*ሎሚ ዘይመከተ ብደዉ ከም ዝሞተ ፡*

*መኸተና ካብ ዕትብቲ*
*ብዘይካቶም መዳሕንቲ*
*ንባዕዳውያን ተምበርከኽቲ ፡*

*22 የካቲት ኣብ ጀኔቫ የራኽበና !*

**ዓወት ንሓፋሽ !**

*መኸተና ካብ ዕትብቲ ፡ ብመድሃኔ ተስፋኣለም ፡*